# መብዛሕትኦም ብ COVID-19 ተጠቒዖም ዝነበሩ ሰባት እንደገና ጥዑያት ይኾኑ



መብዛሕትኦም ብ COVID-19 ተጠቒዖም ዝነበሩ ሰባት ምሉእ ብምሉእ ይድሕኑ እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ ንቲ ለበዳ ውፅኢታዊ ብዝኾነ ዝቋቋሞ ናይ ሰውነት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ እንትኸውን እንድሕር ን 48 ሰዓታት ምልክታት ዘይርአኻ ከምዝደሓንካ ይሕሰብ።

ብ ኖቨል ኮሮና ቫይረስ እንተተጠቒዕኻ፣ እዙይ ማለት ንቐፃሊ ህይወትካ እቲ ቫይረስ ምሳኻ ይህሉ ማለት ኣይኮነን።

መብዛሕትኦም ብ ኖቨል ኮሮና ቫይረስ ዝተጠቕዑ ሰባት ትሑት ናይ ሕማም ስምዒት ስለ ስምዖም ናይ ሕክምና ክትትል ኣይደልዩን። ናይ COVID-19 ምልክታት እንተሃልዮሙኻ ንኣብነት ረስኒ/ወይ ሰዓል ናብ ሓኪምካ ክትድውል ኣለካ። COVID-19 እንድሕር ሃልዩካ ንሓኪምካ ኣብ ሃንደበተኛ መሐከሚ ክፍሊ ውሽጢ ኣይትርከቦ ወይ ናብኡ ኣይትቕረብ።

ናይ ኖቨል ኮሮና ቫይረስ ተመርሚርካ እወንታዊ እንተኾይንካ(እዙይ ማለት፡ ውፅኢትካ ዝተጠቓዕኻ ምዃንካ ዘርኢ እንተኾይኑ) ምስፍሕፋሕ እቲ ለበዳ ንምክልኻል ንባዕልኻ ካብ ከልኦት ክተፈሊ ኣለካ ናይ ስድራቤትካ ኣባላት ውን ሓዊሱ። ዓርስኻ ንምፍላይ ትፅገም እንተኾይንካ ንኣብነት፡ ኣብ ዝተጨናነቐ ኩነታት ስለትነብር፣ ካብ ገዛ ወፃኢ ዓርስኻ ፈሊኻ ክትፀንሐሉ እትሕእለሉ መማረፅታት ንቲ ከተማ ምምሕዳር ክተማኽር ኣለካ።

ብፅኑዕ እንተደኣ ሓሚምካ ‘ሞ ናብ ሆስፒታል ምኻድ ከምዘድልየካ ርግፀኛ እንተዘይኮይንካ ናብ ሓኪምካ ወይ ናብ ሃንደበታዊ ድጋፍ ማእኸል ክትድውል ኣለካ።